# ምልክታት ሕማም ዘሎዎም ጥራሕ ክምርመሩ ኣለዎም

ኣባላት ሓደ ቤት ንዝኹኑን ብተመሳሳሊ መቃርብቲ ጥራሕ ምስ ልቡዕ ንዝተቓራረቡ ጥራሕ ይመርመሩ ዝብል ዝነበረ ምሕጽንታ መንግስቲ ይኣልዮ ኣሎ። ሕጂ ግና፡ ኩሎም በጽሒ ዝኾኑ ምልክታት ሕማም ዘርእዩ ጥራሕ ክምርመሩ ኣለዎም፡ ተማሃሮን ቈልዑ ኣጸደ-ህጻናትን ድማ ካብ ምምርማር ይገላገሉ። እዞም ለውጥታት ካብ ቀዳም ዕለት 12 ለካቲት ሰዓት 10.00 ኣትሒዞም ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።

–እዚ ኹሉ እዋን ኦሚክሮን ከቢድ ሕማም ክሳብ ዘየስዓበ፡ ኣባላት ሓደ ቤት ንዝኹኑን ብተመሳሳሊ መቃርብቲ ጥራሕ ምስ ልቡዕ ምስ ተቓራረቡ ጥራሕ ይመርመሩ ዝብል ዝነበረ ምሕጽንታ ይእለ ኣሎ። ኩሎም በጽሒ ዝኾኑ ምልክታት ሕማም ዘርእዩ ምምርማር ክቕጽልዎ ኣለዎም፡ ተማሃሮን ቈልዑ ኣጸደ ህጻናታን ድማ ካብ ምምርማር ይገላገሉ ኣለው ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል።

ምስ ግዜ ምኻድ ናብ ሕክምናዊ መርመራ ንምስግጋር መንግስቲ ክግምግሞ ኢዩ፡ ዝምልከቶም ትካላት ልክዕ ከም ናይ ካልኦት ሕማማት ረኽሲ ሕክምና ድማ በብወገኖም መን ብቐዳምነት ክምርመር ብዝብል ባዕሎም ክግምግምዎ እዮም።

ኮቪድ-19 ኣብ ዞባዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ሆስፒታላትን ሓያል ስግኣታት ዘስዕበሉ፡ ንሰራሕተኛታትን ተሓከምትን ብመሰረት ከባብያዊ መምርሒ በብእዋኑ ንክምርምርዎም ክሓስበሉ ይከኣል ኢዩ። ኣብ ገለ ገለ ተኣፈፍቲ ዝኾና ጨንፈራት ተኣፈፍቲ ተሓከምቲን ተጠቀምቲ ጉጅለን  ዘለዎም እውን ንበጻሕቶም ንክምርመሩ ክሕሰበሉ ይከኣል ኢዩ።

## ምንዳይ ምንጪ ለብዒ የብቅዕ

ክሳብ ሕጂ ሎቡዓን ባዕሎም ንመቃርብቶም ንክሕብርዎም ኢዩ ክግደፍ ጸኒሑ፡ ካብ ሕጂ ንንኔው ግና የብቅዕ ኣሎ። ኣብ ትካላት ንኡሳን ዞባታት ለብዒ ምስ ዝኽሰት ግና፡ ምክያድ ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ከድሊ ይኽእል ኢዩ።

–ምስ ዘሎ ብዝሒ ልቡዓን፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ክንድቲ ኣይከገድስን ኢዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ቀንዲ ኣገዳሲ ዝኾነ ዝሓመሙ ካብ ቤቶም ንከይወጽኡን ንተኣፋፍቲ ጉጅለታት ንምክልኻልን ሓቢርና ምጽዓር ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ሻርኮል ተተሓሳሰበ።
–ከም ልሙድ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ጉጅለታት ምስ ዝኽተቡ ሓያል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የጥርዩ ኢዩም። ስለዚ ለብዒ ኣብ ዝገነሉ እዋን እቶም ብለብዒ ከቢድ ሕማም ክላዓሎም ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ስባት ካብ ሰቦም ክሳብ ክንደይ ክኽወሉን ክርሕቑን ኣድላይነት ኣለዎ ንዝብል ምስ ሓኪሞም ክማኸሩሉ ይግባእ።
-ይኹን ድኣ እምበር ካብ ግለላ ምድሓን ኣገዳሲ ኢዩ፡ ካብ ሰብካ ከይርሓቕካ ምስ ሰብካ ምርኻብ ምቕጻል ኣገዳሲ ከም ምኳኑ ሻርኮል ብወገና ተጋናዝበ።

## ግዴታዊ ግለላ ካብ ቤትካ ከይትወጽእ ብዝብል ምሕጽንታ ይትካእ

ክሳብ ሕጂ እወታዊ ውጽኢት ንዘርኣዩ ልቡዓን ንክግለሉ ግዴትኦም ኢዩ ጸኒሑ። ካብ ኣባላት ቤቶም እውን ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ንክሕልውን እንተተኻኢሉ እውን ናይ ባዕሎም ባኞ ንክጥቀሙን ገለ ካብቶም ከማልእዎም ዝብሉ ቅድመኩነታት ኢዮም ጸኒሖም።

እዚ ግና መንግስቲ ብሓደ ምሕጽንታ ይትክኦ ኣሎ፡ ማለት ቅድሚ ንስራሕ ምምላስ ካብ ቤትካ ንኣርባዕተ መዓልታት ንከይወጽእን እተን ናይ መወዳእታ 24 ሰዓታት ድማ ብዘይ ረስኒ ክሕለፋ ኣለወንን። ካብ ኣባላት ቤትካ ርሕቀት ክሕልውን እንተተኻኢሉ እውን ናይ ባዕልኻ ባኞ ንክጥቀምን ዝብል ቅድመኩነት ምምላእ ግና፡ ካብ ሕጂ ንነው ኣየድልን ኢዩ።
–ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ተሪር ስጉምቲታት ከምኒ ግለላ ገሃሲ ክኸውን ስለ ዝኽእል ምኹኑይ ኣይኮነን። ኣብ ዝቕጽል ለብዒ ኣብ ዝገነሉ ዘሎ እዋን ነቲ ለብዒ ንምድራት፡ ነቶም ተመርሚሮም እወታዊ መልሲ ዘርእዩ፡ ማለት ኮሮና ኣለኩም ዝብል መልሲ ምስ ዝመጽኦም፡ ምሕጽንታና ንኣርባዕተ መዓልታት ካብ ቤትካ ዘይምውጻእ ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ሻርኮርል ተዘኻኽር ።
ተማሃሮን ቈልዑ-ኣጸደ ህጻናትን ምስ ዝሓሙ ኣብ ቤቶም ንክጸንሑ ኢዩ ምሕጽንታና፡ ክምርመሩ ግና ኣየድልዮምን ኢዩ። ኣብተን መወዳኣታ 24 ሰዓታት ረስኒ ምስ ዘይህልዎም ንቤት ትምህርቶምን ኣጸደ-ህጻናቶምን ክኸዱ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ዝኾኖሉ ዘሎ ምኽንያት ወለዲ ካብ ብኩራት ንክገላገሉ’ዩ።

-ዕሸላትን ቈልዑን ብከቢድ ንክሓሙ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ኢዩ፡ ከም ዝከኣል መጠን ድማ ካብ ምስ መሓዙቶም ምርኻብ፡ ትምህርትን ካልእ ንጥፈታት ትርፊግዜኦም ከይተጓናደቡ ካብ ክወርዶም ዝኽእል ተጽዕኖታት ንምግልጋል ዝከኣለና ክንጽዕር ይግባኣና ትብል ሻርኮል።